ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

# ቃል ሓዘን

## ብሞት ዓቢ ሃገራዊ መራሒ ሓጅ ሳልሕ ሙሳ "ኣቡ ዳዉድ"

ዓቢ ሃገራዊ መራሒ ጠበቓ ሓጅ ሳልሕ ሙሳ "ኣቡ ዳዉድ"፣ ወጋሕታ ቀዳም ዕለት 24/07/2021፣ ኣብ ከተማ ዓድ ቐይሕ ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለየና ብምሕባር፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።



ክቡር ኣቡና ሳልሕ ሙሳ ካብ ፍልጥቲ ኤርትራዊት ስድራ ቤት ዝተወልደ ኮይኑ፣ ካብ'ቶም ኣንጊሆም ኣብ ሃገራዊ መሳርዕ ዝተሳተፉ ፍሉጣት ሃገራውያን ኢዩ። ሓጂ ሳልሕ ሙሳ ኣባል ራቢጣ ኢስላምያን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ድሒሩ'ውን ኣብ ውሽጣዊ ስርርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ብርኽት ዝበሉ ቤተ ሰቡ፣ ብፍላይ ድማ ስዉእ ተጋዳላይ ማሕሙድ ኢስማዒል ኣልሓጅ፣ ካብ'ቶም ልሉይ ሃገራዊ ግደ ዝተጻወቱ ተቓለስቲ ምንባሩ መዛግብ ሰውራና ዘምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ሓጂ ሳልሕ ሙሳ ኣባል ፈደራላዊ ባይቶ ኤርትራ ከም ዝነበሩ'ውን ዝተፈልጠ ኢዩ።

ካም ብዙሓት ሃገራውያን መራሕትና፣ ኣቦና ሳልሕ ሙሳ ናብ ስደት ኣምረሑ፣ ንገለ ውሱን ዓመታት ከኣ ኣብ ስዑዲ ዓረብን ኣብ ሱዳንን ተቐመጡ። ብዙሓት መንእሰያት ይበጽሕዎም ኣብ ዝነበርሉ ግዜ፣ ብዛዕባ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝብናን፣ ኣብ መፋርቕ ኣርበዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ዝተበገሰ ኤርትራዊ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ዘጋጠምዎ በዳህቲ ኩነታትን፣ ከምኡ'ውን ዝተጠምረ ኣካውና ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣመልኪቶም ሃብታም ሓበሬታ የመሓላልፉ ነበሩ።

ንክቡር ኣቦና ሓጅ ሳልሕ ሙሳ "ኣቡ ዳዉድ" ረቢ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎም። ደጊምና ብስም ግሃድኤ ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ንምሉኣት ቤተ ሰብን፣ ንኩሎም ኤርትራውያን ተቓለስትን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
26/07/2021